

# ዋሪ! ዋሪ!

“…አንቲ ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ!
ንዒ’ባ ዕለትኪ ተሰፈሪ፣
አበይ ውዒልኪ፣ አበይከ ትሓድሪ?
ብሩር ዘይሽልም፣ ወርቂ ድሪ
መውዓሊ ደአምበር፣ ነይመሕደሪ
ንዒ አብታ ውሻጠኺ ’ሞ ስፈሪ
ከይትጫማለቺ ጭቃ፣ ጸብሪ…”

“…ናይ ዕለተይስ አለኹሉ ባዕለይ
ዕለተይዶ ኾይኑ ዕለት ጓለይ?
ንዑ ግዳን ሎሚ ጥብ! በሉለይ
ቅጥዑ ጠፊኡኒ፣ ሓብሩለይ።
ሰብአይ ጐረቤተይ ወርቂ ስኑ፣
ፍሩይ ዓይኑ፣ ብሩር ዝምልየኑ፣
ወንደረሽ አላማይ ’ዙ መቑነኑ፣
ሕማም ርእሲ ኾነኒ መርዘኑ፤
ድቋ፣ ጉዕሽ ስዋ ጸሚቼሉ፣
ስገመይቲ ደርሆ ሓሪደሉ፣
‘ንዒ ተኾለሲ’ እኳ ’ይበለኒ
የማነይቲ ኢደይ ሰበረኒ፣
አእውየ ስአን ዚግልግለኒ

ጸጋመይቲ ኢደይ ደገመኒ።
’ተበልኩዎ ‘ኢያይ! ሕደገኒ’
አጋላቢጡ ’ባ ዘበጠኒ።
ደጊም ጨሪሱ ኸይቐትለኒ፣
ነዛ እስትንፋሰይ ከየሕልፈኒ
አቦየ! እነየ! ንዑ አፋትሑኒ!”
“ሰብአይ ጐረቤትክስ ርኢናዮ፣
ዘወረደክውን ሰሚዕናዮ
ካብ እንመን ድአኸ በለጸ?
ካብ እንመን ተሐርየ፣ ተመርጸ?
ካብ እንመን ሓጺሩ፣ ነዊሑ?
ካብ እንመን ጸሊሙ፣ ቀይሑ?
ካብ እንመን ለቢሙ፣ በሊሑ?
ካብ እንመን ዓሸዩ፣ ጐሪሑ?
ክንደይ አጓብዝከ ዘይረኤና!
ክንደይ ሓያላትከ ዘየውደቕና!
ክንደይ ጀጋኑኸ ዘይቀበርና!
ጉዳም! ንምንታይከ ቐረብክዮ?
ሓባቢእኺ ዝተሓጸኽዮ
ንሕና ’ንተይፈለጥና ዘእተኽዮ
ባዕልኺ ኸም ዝወዳእኽዮ
ሸፋፊንኪ ’ተመርዓኽዮ…
ከም እተርአዮዶ ’ይገብረክን
ነኻኺሱ አይመናጭተክን፣
መናጢሉ አይቐናጥበክን፣
ሰላሊዑስ አይድርብየክን!
ቀደሙ መሪቕና ዘይሃብናኪ
‘መርዓት’ ኢልና ዘየቃላዕናኪ
ይትረፍንያ ኸነፋትሐኪ



ተውሳኺትናኺ 'በይ ንፈልጠኪ?
ምስ ዘይመጋጥምትኺ ገጢምኪ
ሀሀ ኢልኪ 'ትሓድሪ ተገጪምኪ!
በሊ ደአ ኸም ዝአተኽያ
መውጽኢትኪ ሎሚ ርኸብያ!
እንተ ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ!
ነውራም፣ መነወሪት፣ ዘይትምሕሪ
ሕንከት የለ፣ ዓይንና 'ተንቁሪ
'አቦይ! እነይ!' ኢልኪ ዘይትሓፍሪ
ምስ ሰብአይ ጐረቤትኪ 'ትሓድሪ!
አግሂድኪዶ ግዳን ዘይትዓጥሪ?
ዓይነ-ብርክኺ 'ሞ ተሰበሪ
ዕለትኪ ቖጺርኪ ተሰፈሪ።..."
"...ዓይነይ ትዑር፣ ሕይወተይ ትላዲ
ኢደይ ትቑረ፣ ትንቀጽ ከምዛ ጉንዲ
እዝነይ ትጽመም፣ አይትስማዕ 'ዙ ፍርዲ
እግረይ ስብር ትበል ብመገዲ
ከመዙይ ኢሉውንዶ ይረግም ወላዲ!
አነ እገድድ ዝኾንኩ ዕብዲ
ተዋሪደ በዙ ርጉም ወዲ፣
ትዓርቁኒ ደአ 'ባ በልኩ 'ምበር
እዙይ ካብ በልኩምስ 'ታይ ይግበር!
በሉ ስምዑ ሓደ ጉዳይ አሎ
ተማሓሒልና 'ንጥሓሓሎ
መላእ እየ'ሞ ብጽሕቲ ወርሒ
ሕፃን አላ ዘይትፈለጥ ጉርሒ
ተወሊዳ ምስ ወጸት ካብ ከብደይ
ክትክሕሰኩም አብ ከክንዲ ኢደይ
'ቱ ስማ 'ውን ክትብልዋ 'ግደይ'...

ደጊም ይኣኽለኒ፣ ክዓርፈልኩም
ክሞት እሞ ኽስወር ካብ ገጽኩም
መቓብር ኩዒትኩም፣ ቀባቢርኩም
ስመይ ከይተልዕሉ 'ዋሪ!' ኢልኩም
ሕድሪ ሰማይ ጓለይ ገዲፈልኩም
ክርትም ክብል ገደል ጸዲፈልኩም፣
ኣማሕጺነ! ብሰማይ፣ ብምድሪ
'ግደይ' ጓለይ ኣዕብዩለይ ሕድሪ!
ብሰማይ፣ ብምድሪ ምስ መሓልኩም
ተዕብይዋ ከም ጓላትኩም ጌርኩም፣
እንተ ኣነን ደጊም ይኾነኒ
'ሙቲ!' 'ጥፍኢ!' እንካብ በልኩምኒ
'ዓለም-በቓኝ!' ድሓን ኣኺሉኒ
ክርሕቐልኩም፣ ክኸወል ካብ ገጽኩም
መሰስ ኢለ በረኻ እጠፍኣልኩም
ተዓሚተ፣ እዝነይ ኣድንቀ'ረ
ዓይነ-ብርከይ ዓጠቕ! ሰባቢረ
ብገደል ጸዲፈ፣ ሸለው! ኢለ
ህልም ክብል፣ 'ዛ ርእሰይ ቀቲለ!...''

"...እንታይከ 'ሞ ሕድሪ ደሊናሉ
ብሰማይ፣ ብምድሪ እንምሕለሉ?
ከይተሸግርና ብዝሞትኪ
ኣብ መቓብር ክትሃድኢ ዓሪፍኪ
ደስ ይበልኪ፣ ንቕበሎ ሕድሪ
ንምሕለልኪ ብሰማይ፣ ብምድሪ!
ካብ ቤት ሓራስ ውልድ ብዘበልኪ
ተዓሚትኪ፣ ብመስኮት ኣሸሊኹኪ
ትሀብና 'ሞ ንወስዳ 'ታ ጓልኪ
ስማ 'ግደይ!' ኢልና ነዕብየልኪ።



ጓልክስ 'ማ ዘይ ጓልናዶ ኾይና
ነዕብያ 'ምበር ደስ እናበለና!
'ንታይ ዝበለ ሕድሪኽ አድልዩና
ነዕብያ 'ዌ ልክዕ ከምዛ ጓልና!
ጓልክስ 'ማ አይ ጓል-ጓልና እንድያ
ደስ ኢሉና ኽመይ
ዘይነዕብያ?
እንተ ናትክን ከም
ዝጀመርክያ
በታ ገደል እሞ ጽደፍያ
አብ ጉድጓኪ 'ንሞ እተውያ
ኪዲ ደአ ሞይትኪ ዕረፍያ!...



"...አንቲ ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ!
በሊ'ሞ ዕለትኪ ተሰፈሪ
'ታ ዕድሜኺ ብተሎ ሕጸሪ፣
ምስቶም ዝሞቱታ ተጸምበሪ!
በተኽስያንዶ ኽይትአትዊ በሪ፣
ሠለስተ ሻዕ መካበብያ፣ ቐጽሪ
ኮለል ኢልኪ ደአ 'ሞ ትዞሪ
ከም ሰራቒ፣ ከም ሽፍታ፣ ኽታሪ
ማዕዶ ሰጊድ-ሰላም፣ ዓዲ ጸብሪ፣
አደዳ አዛብእ፣ ተኹላ፣ ነብሪ፣
አ'ወሰን ሩባ፣ ወይ ሑጻ ባሕሪ፣
በረኻኺ ድአን ትቕበሪ!...



# ገ/ኢ. ጐርፉ።